Department of
Education

GOVERNMENT OF
WESTERN AUSTRALIA

# ፍሉይ ናይ ተማሃራይ መለለይ

## ንወለዲን ሓልየት ውሃብቲን መረዳእታ

ናይ ኣውስትራሊያ መንግስቲ ዝደልዮ ሕድሕድ ሰብ ብናይ ሃገራዊ ዝተፈልጠ ስልጠና ሞያ ንምውሳድ ፍሉይ ናይ ተማሃራይ መለለይ (USI) ንክህልዎ እዩ።

በዚ ውሽጢ ዚኻተቶ ንናይ ቤት ትምህርቲ ተማሃሮ እሞ ከም ቤት ትምህርቲ ፕሮግራም ኣኻል ምኳኑ ብናይ ሞያዊ ትምህርትና ስልጠና (VET) ሞያ ይምዝገቡ እዮም።

### USI እንታይ እዩ?

USI ማለት ናይ ውልቓዊ ትምህርቲ መለለይ ቁፅሪ ኮይኑ ክሳብ ሕይወት መወዳእታ ምስ'ቲ ሰብ ይነብር እዩ። ናይ ሓደ ሰብ ስልጠና መዝገብን ውጽኢትን በቲ ክቆጻጸሮ ዝኽእል ኦንላይን ኣካውንቲ USI ክጥቀመሉ የኽእሉ። ምስ ዝኾነ ስልጠና ድርጅት ንተወሳኺ ትምህርቲ ክትምዝገብ እንከሎ የድሊ እዩ።

USI ምርካብ ብናጻ ኮይኑ ክሳብ 5 ደቒቓ ይወስድ። ኣብ ዝኾነ ግዘ ብኦንላይን ነቲ ናይ USI ኣካውንቲ ምጥቃም ይኻኣል።

### ተማሃራይ ብኸመይ ንUSI ክፈጥር ይኽእል?

1. ቅድሚ በቲ ማመልከቻ ምጅማር ተማሃራይ ካብ'ዞም ዝስዕቡ ክልተ ዓይነት መለለዪታት ከዳልዉ የድሊ:
   - ማኪና መዘወሪ ፍቓድ
   - መዲከር ካርድ
   - ናይ ኣውስትራሊያ ፓስፖርት
   - ንዓለምለኸ ተማሃሮ ቪዛ (ምስ ናይ ኣውስትራሊያ ፓስፖርት ዘይኾነ)
   - ኣውስትራሊያዊ ልደት ምስክር ወረቐት፤ በጃኹም ጽሚቕ ሓበሬታ ልደት ምስክር ወረቐት እኹል ኣይኾነን
   - ብመበቁል ምዝገባ ምስክር ወረቐት
   - ናይ ዜግነት ምስክር ወረቐት
   - ኢሚካርድ/ImmiCard

   ብዘዕባ ዓይነታት መንነት መለለዪ ዝበለጸ መረዳእታ ንምርካብ ናብ ድረገጺ እተዉ:
   http://www.usi.gov.au/help-centre/proof-of-ID/Pages/proof-of-ID.aspx
   ብማመልከቻ ዝኣተወ ዝርዝር መረዳእታ ምስ'ቲ ትጥቐመሉ መንነትካ መለለዩ/ ID ዘሎ መረዳእታ ሓደ ዓይነት ክኸውን ኣለዎ። ሓደ USI ክትፈጥር እንከሎ ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተዘርዘሩ ሓደ ዓይነት መንነት መለለዩ/ ID ብምጥቃም  መንግስቲ ነቲ ሰብ መንነት ፈሊዩ ክፈልጥ የኽእሎ ስለዙይ እቲ USI ናይ'ቲ ሰብ ፍሉይ ምኳኑ ከረጋግጹ ይኽእሉ።

2. ናይ ተማሃራይ ግላዊ ዝርዝር መራኽቢ ኣድራሻ፤ ከም ኢሜል ኣድራሻ ዝኣመሰሉ ድልዉ ከምዝኾነ ኣረጋግጹ።
3. ናይ USI ድረገጺ እተዉ: https://www.usi.gov.au/students/get-a-usi.

D22/0034635
9/02/2022

cc BY
Exclusions may apply

4. ‘ንናትኻ USI ንምርካብ ነዚ ፅቐጥ’ ዝብል መጠወቂ ጸቒጥኩም ነቲ ስጒምቲታት ተኸተልዎም።
5. እቲ ተማሃራይ ናይ VET ሞያዊ ትምህርቲ ይመሃር እንተኾይኑ፤ ነቲ ተማሃራይ ቤት ትምህርቲ USI ክውሃብ ኣለዎ።

ብዛዕባ USI ብኻልእ ቛንቛታት ሓበሬታ ክትረኽብ ትኽእሎ ብድረገጺ፡
https://www.usi.gov.au/languages እዩ።


D22/0034635
9/02/2022
Exclusions may apply